# ከቶ-ኣይንጠልምን !!!

ክሳብ እነርክበካ ኣኺሉ ቆፀሮ

ማሓላ ኪዳንና ማንም ዘይቅይሮ

ዘይጥለም ሕድር ወ ሓንጎልና ዝፀሮ

ድሙቕ ዝማሓለፍ ማህደር ሌባ ዘይጉርጉሮ

ከይትስከፍ ኣትሰከፉ በሎም

ዕዳናዩ ዋጋቱ ቀይሕ ደም

ራኢኻ ከይዕፀፍ ብሓቦ ዝፍፀም

ዕረፍቲ ቀቢፅካ ንትገድፉ ዓለም

ደምኩምዩ ቃል ኪዳንና

ከማኹም ክንከውን ክንስዕብ ኢና

ዋሕስ ኩኑና

ኢሉ ነይሩ እያሱ

ዝግበኦ ገይሩ ናብኦም ተሓዊሱ

ዋሕስ ክኾኑና ተማሓፂና ነብሱሱ

ዋሕስ ነይሩ ዋሕስ ዝኾነና

ኣብ ምጉት ቀሪቡ ጠበቓ ኮይኑና

ደንበርበር ከይንብል በደል ከይበፅሓና

ንያትና ከይስበር ከይጠፍእ ስብእና

ንኣህጉር ዝኾነ ጓዳና ሓሊፉ

ሕድሩ ዝተግበረ ንዓቕሙ ፀንፊፉ

ግዜ ዝተንበየ ንግዜ ጠሊፉ

ሃፍታም ዘበርከተ ድኽነት ገሪፉ

ንጉራ ረቲዑ ኣብ ባይታ ዘርአየ

ፅልምትምት ጋሊሁ ብኒሕ ዝጎየየ

ንዘበን ተንቲኑ ዘበን ዘለለየ

ብስልጡን ስነ-ሓሳብ ጉርዲ ዝመመየ

ድሕሪ ቅዱስ ያሬድ ዕንቀኑ ፈሎሰፈ
ዝሓርድ ድሕረት ድኽነት ዝሳሓለ ሰይፈ
ንመፍትሕ ፈልሲፉ ዝኸፈተ ቁልፈ
ኣሰሩ ዝኸተል ዘሰሰነ ዕፅፈ

ምህሮ ዘኻዕበተ ማህደራት ገንፂሉ
ኣብግብሪ ዘውዐለ ዘይኾን ጎሊሉ
ብዙሕ ዝኻኣለ እምብዛ ዓቂሉ
ታሪኽ ዝለወጠ ሚልዮናት ኣዕሲሉ

እወ ! ክንክንብቶ ኢና ከምታ ትፈልጠና
ባዓል ኣመል የጉርዕ ንሕና ናብ ውራይና
ከይትስከፍ ጥራሕ ከም ቀደምና ኢና
ንሳቶም ይንብሑ ኣይንወፅእን ኣብ መስመር ኣለና

ዓቕሊ ፈሊጥና ዓቕሊ ዘጥረናያ
ሃተፍተፍ ንዒቕና ተሳጊርና ቕያ
ግን ግን ክሳብ ዘይፈተኑ ክዓፅዉ ፅርግያ
ይበሉ ንሳቶም መንገድና እያ

ዋ-ሓመድካቱሙ ይቕለል ገነት ይቀበልኩም
ሓንጎፋ በልዎ ቃልኩም እንዳፈፀመ ነቲዘርከበኩም
እፎይ እንተይበለ ጣዕማ ከይፈለጣ ዝገደፋ ዓለም
ዕድመ እንተይ ኣብቀዐ ንግዜ ተሚኑ ንግዜ እንትቕድም
ዝኽሪ ክብሪ ንኹሉኹም ንዘለኣለም ኣለም

## ዘለኣለማዊ ክብሪ ንስውኣትና !!!

ብርሃነ

ኖርዌይ